REGION KRONOBERG

**ድጉል ቲቢ (ዓባይ ሰዓል) ሓበሬታ ንሕሙማት (2016-09-19)**
**መከላኸሊ ሕክምና መዓስ ኣይወሃብን።**

*ብሓካይም ምክልኻል ለበደ ዚወሃብ: ቈጸሊ ሓበሬታ ሕማም ለበደ*

## ከመይ ኢሉ ይለግበካ

ባክተርያ ቲቢ: ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብኣየር ይመሓላለፉ። እዚ ኸኣ: ሓደ ሓሚሙ ከላግብ ዚኽእል ሰብ ኣብ ዚስዕለሉ ወቕቲ: እቶም ኣብ ጥቓኡ ዚርከቡ ነቶም ባክተርያ ንውሽጢ ከስተንፍሱ ከለዉ ኪኽሰት ዚኽእል'ዩ።

## ድጉል ቲቢ ማለት እንታይ ማለት'ዩ፧

ኵላቶም ብሕማም ቲቢ ዚልከፉ ሰባት ኣይሓሙን'ዮም። ኣብ ዚበዝሑ ሰባት: ሓይሊ ኣካላቶም ንዕቤት ባክተርያ ደው ኬብ ይኽእል'ዩ። ባክተርያ ኣብ ኣካል ህልዋት ክነሶም ግን ንጡፋት ኣይኮኑን። እዚ ከምዚ ዓይነት ሕማም ከኣ **ድጉል ቲቢ** ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ድጉል ቲቢ ሕማም ኣይኮነን

ምርመራ-ደም (ኢግራ-ቴስት) ወይ ምርመራ ቈርበት (ቱበርኩሊንቴስት) ምስ ገበርካ ድጉል ቲቢ ኣሎካ ዚብል መልሲ እንተ መጺኡካ: **ምሉእ ብምሉእ ጥዑይ** ኢኻ፤ ናብ ካልኦት ሰባት'ውን ባክተርያ ኣይተላግብን ኢኻ። ኣብ መጻኢ ህይወት ሕማም ቲቢ ናይ ምምዕባል ሓደጋ ኣሎ፤ ግን እቲ ሓደጋ ንእሽቶ'ዩ። ምእንት'ዚ: ዚበዝሕ እዋን'ውን: ድጉል ቲቢ ንዘሎዎም ሕክምና ምሃብ ኣየድልይን'ዩ።

## ኣብ ሓደሓደ ኲነታት ኣቐዲምካ መከላኸሊ ሕክምና ይወሃብ'ዩ

ገለገለ ኣብ መጻኢ ህይወቶም ከይሓሙ ኣብ ሓደጋ ዚርከቡ ኣቐዲምካ ናይ መከላኸሊ ሕክምና ይወሃብ'ዩ። እዚ ቅድም-ቀዳድም ንቈልዑን መንእሰያትን: ኣብ እዋን ጥንሲ: ኣብ እዋን ሕርሲ: ከምኡ'ውን ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ንዘሎዎም ሰባት: ንኣብነት ኣብ ግዜ ሕክምና መንሽሮ: ብኢንሱሊን ዚፍወስ ሕማም ሽኮር: ጽንኩር ሕማም ኵሊት ወዘተ ይምልከት። ንተላገብ ሕማም ቲቢ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተቓልዑ'ውን መከላኸሊ ሕክምና ስሕት ኢልካ ይወሃብ'ዩ።

## ርክብ ሓኪም

ኣብ መጻኢ እዋን ነዊሕ ዚጸንሕ (ካብ ሰለስተ ሰሙን ንላዕሊ) ሰዓል እንተ ተላዒሉካ/ኪ: ለይቲ-ለይቲ እንተ ኣርሂጹካ/ኪ: ረስኒ እንተ ተላዒሉካ/ኪ: ብዘይ ድላይካ/ኪ ሚዛን እንተ ጐዲልካ/ኪ: ምርመራ ቲቢ ንምግባር ምስ ሓኪም ርክብ ግበር/ሪ። ብተወሳኺ: ጥንሲ ዝሓዝኪ: ብኢሱሊን ዚፍወስ ሕማም ሽኮር ዘሎካ/ኪ: ጽንኩር ሕማም ኵሊት ዘሎካ/ኪ: ሕክምና መንሽሮ እትገብር/ሪ ወይ ብገለ ምኽንያት ድኹም ኣካል ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘሎካ/ኪ እውን ምስ ሓኪም ርክብ ግበር/ሪ። ኣብዞም ዝተጠቕሱ ኲነታት ሕማም ቲቢ ክትሓምም/ሚ ክብ ዝበለ ሓደጋ ኣሎ።



**smittskyddsenheten**
Centrallasarettet, 351 85 Växjö. ☎0470-588278